# ንእሽቶይ ዛንታ ብዛዕባ ሓለዋ እንስሳታት

## .... ንቖልዑን ንስድራቤታቶምን

ሚኒስትሪ ከባቢ፡ ሓለዋ ክሊማ/፡
ሕርሻን ሓለዋ ተጠቀምትን ናይ ሃገር ሄሰን

ሓላፊ ሃገር ሄሰን ሓለዋ እንስሳታት

# ሓበሬታ ቀረብቲ

ኣሕታሚ:     ሓላፊ ሃገራዊ ሓለዋ እንስሳታት ኣብ
ሚኒስትሪ ከባኢ፥ ሓለዋ ክሊማ
ሕርሻን ሓለዋ ተጠቀምትምን ሃገር ሄሰን
ጎደና ማይንሰር 80, 65189 ቪስባደን

ኣዳላዊ:     ዶክተር ሕክምና እንስሳ ማደሌይን ማርቲን ሃገራዊ ሓለዋ እንስሳታት (ሓላፊት)

ጽሑፍ፥     ዶ/ እንስሳ ማደሌነ ማርቲን፣ ቪቭያን ዩንገ፣ ጋቢ ሽፓርኩል፣ ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ሓለዋ እንስሳታት

ስእልታት፥     ኣንድረያስ ኡንካርት (ገጽ 4), ኣግነስ ፊድለር (ገጽ 21)

ፎቶ:     ቲም ሊስ (ገጽ1፣ 15፣ 16)፣ ኣሌክሳንድራ ጎሊ (ገጽ 1፣ 9፣ 12፣ 13፣ 15)፣
ኡልሪከ ቤረ (ገጽ 1፣ 8፣ 10፣ 11)፣ ሚርያና ላሲች (ገጽ 7)፣
ሊሳን ቨንስ (ገጽ 11፣ 13)፣ ጋቢ ሽፓርኩል (ገጽ 12፣ 14)፣
ራይነር ቫል (ገጽ 16)፣ ኦሚካ/ፎቶልያ ኮም (ገጽ 1)፣
ፍሬንታ/ፎልያ ኮም (ገጽ 5)፣ ሾት 99/ፎቶልያ ኮም (ገጽ 5)፣
ዶራ ሰት/ፎቶልያ ኮም (ገጽ 6)፣ ቼሌ129/ፎታልያ ኮም (ገጽ 7)፣
ግሬጎሪ ጆንስቶን/ፎቶልያ ኮም (ገጽ 7)፣ ኤሮስታቶ/ፎቶልያ(ገጽ 8)፣
3532ስቱድዮ/ፎቶልያ ኮም (ገጽ 9)፣ ካራሃን/ፎቶልያ ኮም (ገጽ 14)፣
ሀርቢ ሚ/ፎቶልያ ኮም (ገጽ17)፣ ቦሪስ ድዩራኖቪች/ፎቶልያ ኮም (ገጽ 17)፣
ክሪምሶን/ፎቶልያ ኮም (ገጽ 17)፣ ኣንድረይ ሶልኒካ/ፎቶሊያ ኮም (ገጽ 18)፣
ማግዳሌና ኩቾቫ/ፎቶልያ ኮም (ገጽ 19)፣ ሚዶሰምሰም/ፎቶልያ ኮም (ገጽ 19)

ኣሰራርዓ:     ግራፊቨርክ 21፣ www.grafikwerk21.de

**እዛ ንእሽቶይ ዛንታ እዚኣ ንእንስሳታት ምኽባርን ምሕላውን ስለ ምንታይ ኣገዳሲ ከም ዝኾነ ብሓጺሩን ብሑድ ቃላትን ንምራኣይ ዝሃቀነት እያ።**

ዶክተር ሕክምና እንስሳ ማደሌይን ማርቲን
ናይ ሃገር ሄሰን ሓለዋ እንስሳታት ሓላፊት

ኣብዘን ዝስዕባ ገጻት ቁሩብ ብዛዕባ ዛንታ ወዲ ሰብን እንስሳን ክንዕዘብ እና ከምኡውን ብዛዕባ ጠባያትን ቋንቋን ዝተፈላለዩ እንስሳታት ዝምልከት ሓድሓደ ነገራት ክንመሃር ኢና። ብተወሳኺ ድማ ቆላሕታና ናብ ሃይማኖታት ኣቕኒዕና ኣተሓሕዛ እንስሳታት ከመይ ከም ዝመስል ክንምልከት ኢና።

# ሓደ ቃልብዛዕባ ዛንታ
# ወዲሰብን እንስሳን

ቅድሚ ብዙሓት ኣሽሓት ዓመታት ወዲሰብ እንስሳታት በረኻ ኣብ ትሕቲ ዕቕባኡ ኣእትዩ ክከናኸኖም ጀሚሩ። ብኸምዚ ኸኣ እንስሳታት በርኻ ንወዲሰብ ክለምድዎ ጀሚሮም። ሓሰማ፣ ከልቢ፣ ፈርስ፣ ድሙ፣ ከብቲ፣ ደርሆ ከምኡ እውን ኣባጊዕን ኣጣልን ናብ ወዲሰብ መጺኦም። ኣብ ስርሑ ኸኣ ዓቢ ሓገዝ ኮይኖሞ። ከም መግቢ፣ ክዳን ከምኡ እውን ሓገዝቲ ሃደን ብምኳን ኣገልግሎቶም ክህቡ ጀመሩ፣ ገሊኦም ከኣ እሙናት መናብርቲ ኮይኖሞ።

ኣንስሳትታ ከም ዝለምዱና ጌርና፣ ብምፍራይ ናትና ጽጉዓት ጌርናዮም። በዚ ምኽንያት ከኣ ነዞም ፍጡራት ብኽብርን ብሓላፍነትን ክንሕዞም ይግባእ። ልክዕ ከማና፣ እንስሳታት ቤት ሓዘን፣ ፍርሂ፣ ሓጎስ፣ ጥሜት፣ ጽምእን ቃንዛን ይስምዖም እዩ። ሳይንሳዊ መጽናዕታት ከም ዝሕብሮ፣ ፍርሕን ቃንዛን ልክዕ ከም ናይ ወዲሰብ ሓደ ዓይነት ዝዕቀን ግብረመልሲ ይርኤ እዩ።

ምኽንያቱ ድማ ተመሳሳላይ ዓይነት ስርዓተ-መትንን ምስኡ ዝኸይድ ስምዒትን ስለ ዘለዎም። ሰብ ሒማቕ እንተ ሓዞም — ንኣብነት እንተረገጾምን ሃረሞምን -ቃንዝኦምን ፍርሓቶምን ብምውጫጭ፣ ብምሕባእ ወይ ድማ ብምህዳም የርእዩ።
እግሩ ዝተሃሰየ እንስሳ ይሕንክስ ወይ ድማ ነቲ ዘቖንዝዎ ዘሎ ኣካሉ ብብዝሒ ይሓኮ። ንዓና ስለ ዝመስሉ፣ ዝኾነ ይኹን ሰብ ንእንስሳታት ከሳቕዮም፣ ቃንዛ ከውርደሎም፣ ከጥምዮምን ከጽምኦን የብሉን። ምድንጋጽን ርሕራሔን ንእንስሳታት እውን ይግብኦም እዩ።

# ኣባጊዕን ኣጣልን

ኣጣል ናይ ብሓቂ መግቢ መስተማቐርቲ እየን። ብሕልፊ ሓደስቲ ኣቐጻልን ርጋፍን ይፈትዋ እየን። ገረብ፣ ቆጠቘጢ፣ ነዋሕቲ ኅቦታትን ይኹን ኣጻድፍን ፈጺሙ ኣይዓግተንን እዩ። መበቆለን ካብ ኅቦታት ስለዝኾነ ክኢላ ዝኾና ሓኹርቲ እየን። ምስ እጣል ክረኣኣያ ኸለዋ ኣባጊዕ ዕጉባት እንስሳታት ስለዝኾና ኣሳዕርን ኣታኽልታትን ኣየን ዝፈትዋ። ክሳብ 50 ዝኸውን ናይ ካልኦት ገጻት ኣባጊዕ ናይ ምልላይ ክእለት ኣለወን። ኣባጊዕን ኣጣልን ንበይነን ምኺን ስለ ዘይፈትዋ መብዛሕትኡ እዋን ምስ መፋጥርተን እየን ዝኾና። እቲ ዓይነት ኣመጋግበኤን ንኽንክን መልከዓ መሬት ዓቢ ትርጉም ኣለወን።

# ኣድጊ

መንዩ ኣድጊ ዝሑልን ነቓጽን ዓሻን ዝብል... እቲ ዝጠበቐ ንቕጽና ኩልና ንፈልጦ ኢና፣ ንሱ ግን ዓቃልን ገርህን እዩ። ኣድጊ ሓያልን ዘይስልኪን ስለዝኾነ፣ ጽዕነት ንነዊሕ መገዲ ክሽከም ይኽእል እዩ። ኣብ ጸቢብን ኮርኳሕን መገዲ ዘተኣማምን ኣካይዳ ስለ ዘለዎ ክሳብ ሎሚ ኣብ ሓደ ሓደ ዓድታት ኣብ ስራሕ ተዋፊሩ ይረኣ። በቲ ገዚፍ ኣዝኑ ንጹር ንምስማዕ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ግዜ ብርቱዕ ሃሩር እውን ይሕግዞ እዩ። ልክዕ ከም ሓራምዝ ደሙ ንኽዝሕል ብምሕጋዝ ናይ ኣካላቱ ሙቐት ከምዝትሕት ይገብረሉ።

# *ሓሰማ*

ሓሰማታት ካብቶም መስተውዓልቲ ዝበሃሉ ኣጥበውቲ እንስሳታት እዮም ዝቑጸሩ፣ ኣብ መስትያት ከይተረፈ እውን ንነብሶም የለልዩ እዮም። ሓያል ዝኾነ ናይ ምሽታት ህዋስ እውን ኣለዎም፣ ካብ ናይ ወዲሰብ 20 ዕጽፊ ካብ ከልቢ ድማ ብዓሰርተ ሓደ ዕጽፊ ዝለዓለ ናይ ምሽታት ህዋስ ኣለዎም።

ኣብ ተፈጥሮኣዊ ከባቢኡ መግቢ ንምርካብ ብአፍንጭኦምን ብኣስናኖምን መሬት ይፍሕትሩ። ሓሰማ ዳርጋ ኩሉ ነገር እዩ ምግቢ ይበልዑ እዮም፣ ሰራውር፣ ቃንጥሻ፣ ሓሸራን ሓሳኹን።

ብተወሳኺ፡ እውን ሓሰማ ኣዝዩ ጽሩይ እንስሳ ስለዝኾነ — ከማና ደቂሰብ — ንዓይኒ ምድሪ፣ ንመደቀስን መብልዕን ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ክኾነሉ እዩ ዝመርጽ። ኣብ ጭቃ ብምንግርጋር ንኣካላቶም ኣብ ግዜ ሙቐት ካብ ዋዒ ጸሓይን ካብ ባልዓት ሓሰኻታትን ይከላኸሉ። ሓሰማታት ኣዝዮም ምንቅስቓስ ዝፈቱን ሕዉሳትን ማሕበራዊ ህይወት ዚፈትውን እዮም።

# *ከብቲ*

ከብቲ ኣዝዮም ማሕበራዊያን እንስሳታት ስለዝኾኑ ብጉጅለ ምንባር እዮም ዝፈትዉ። መብዛሕትኦም — ተባዕታይ ይኹን ኣንስተይቲ — ዓበይቲ ኣቕራን ኣለዎም።
ከብቲ ህንቁዋትን መስተውዓልትን እንስሳታት እዮም። ንመፋጥርቶም ተዓዚቦም ሓደስቲ ክእለተታት ይመሃሩ እዮም። ንኣብነት ንሓደ ከብቲ ኤለትሪክ ሓጹር ሸኻ እንድሕር ሒዝዎ፣ እቶም ካልኦት ኣብ ዝቕጽል እዋን ካብቲ ሓጹር ይርሕቁ እዮም።

በላዕቲ ኣታኽልቲ ከም ምኽኖም መጠን መታን ሓድሽ ሳዕሪ፣ ኣቑጽልትን ካልኦት ኣታኽልትን ምእንቲ ኽበልዑ፡ መብዝሕትኡ ግዜ ምሉእ መዓልቲ ኣብ ሸኻ ምውዓል ይፈትው። ቀስ እናበሉ ንቕድሚት እንዳኸዱ መታን ኣብ መዓልቲ 8 — 10 ሰዓታት ብሰላም ምእንቲ ክግህጹ ሓያሎ ኪሎሜትራት ይኸዱ።

ኣብ መንጎ እዚ እዋናት እዚ ኮፍ ኢሎም መጉስዕ ይመልሱ። ኣታኽልቲ ቀልጢፉ ስለ ዘይወሃሃድ፣ ከብቲ — ከም ኣባጊዕን ኣጣልን — ነቲ ኣቐዲሞም ዝሓየኽዎ ሳዕሪ ንልዕሊ እናመለሱ እንደጋና ይሕይኽዎ።

ከብቲ ነንሕድሕዶም ምትሕሓኽ ኣዝዮም እዮም ዝፈትዉ፣ ምድራዝን ወይ ድማ ብዘይ ገለ ነገር ብሓንሳብ ደው ምባል ይፈትዉ።

# *ደረውሀ*

መበቆል ደራውሀትና ዲኖሶር እዮም ኔሮም! ካብቲ እዋን ኣትሒዙ ክሳብ ናይ ሎሚ ደራውሀቲ ገዛ ኣዝዩ ነዊሕ መገዲ እዩ ነይሩ።
ደረውሀ መሰጥትን ኣዝዮም ህንቁዋትን እንስሳታት እዮም። ልክዕ ከማና ገሊኦም ሓፋራት፣ ደፋራት ክምኡ እውን ድምብርጽ ዘይብሎምን ይርከብዎም። ኣብ መንጎኦም ንጹር ናይ መሳልል መዓርግ ኣሎ።
ደረውሀ ነንሕድሕዶም ይፋለጡ እዮም ብዝተፈላለየ ዓይነት ድምጽታት ድማ ይረዳድኡ እዮም። ደርሆ እንቋቕሖን ስጋን ምሃብ ጥራይ ኣይኮነን ኣገልግሎቱ።

# ደማሙ

ደማሙ ናባና ዝመጹ ወዲሰብ ምናዳ ኣናጹ ካብ ከባቢኡ ንኸርሕቑሉ ስለ ዝደለዮም እዩ። ደማሙ ልስሉሳት ደኣ ይኹኑ እምበር ኣዝዮም ዝማዕበሉ ንኣሽቱ ሀደንቲ ኣራዊትን ፈጣንን ኪኢላታትን እዮም። ካባና ካብ ወዲ ሰብ ንላዕሊ ኣዝዮም ኣጸቢቖም የሽትቱን ይሰምዑን፣ ክኢላ ሓኾርትን ዳርጋ ኣብ ኩሉ ቦታ ሚዛኖም ይሕልውን እዮም። ግሩም ሃደንቲ ስለዝኾኑ፡ መብዛሕትና ከም መጻውትና ደኣ ንራኣዮም እምበር፡ ናይ ወዲ ሰብ ጽግዕተኛታት ኣይኮኑን። ብዙሓት ወነንቲ ደማሙ ነቲ ሓንጎል ዘዕርፍን ምውቕን ናይ ምሕርናኽ ድምጹ ይፈልጥዎ እዮም።

# ኣኽላብ

ካብ ጥንቲ ኣትሒዞም ወዲሰብን ከልብን ምናዳ ኣብ ሃደን ይተሓጋገዙ ነይሮም። ኣኽላብ ኣውን ካባና ካብ ደቂ ሰብ ንላዕሊ ኣዝዮም የሸትቱን ይሰምዑን እዮም። በቲ ተኣፋፊ ኣፍንጫኦም ካብ ዝተፈላለየ ኣቕጣጫታት ዝመጽእ ሽታታት የለልዩን ንሕና ዘይንሰምዖ ድምጽታት ድማ ይሰምዑን እዮም። እዚ ፍሉይ ክእለት ስለዘለዎም ኣብ ዝተፈላለየ መዳያት ስራሕ ወዲሰብ ይዋፈሩ እዮም።

„ሰራሕተኛታት“ ኣኽላብ ከም መራሕቲ ኣይነ-ስውራን፣ ኣብ ሀ‘መት መሬት ንዝተቐበሩ ምርካብ፣ ኣኽላብ ፖሊስ፡ ኣሰር ተኸታተልትን ኣኽላብን ኣኽላብ ጓሶትን ንሕና ብምንም ዓይነት ክንትክኦም ኣይንኽእልን ኢና።

# *እንስሳታት ኣብ ሃይማኖታት*

እንስሳታት ኣብ ሃይማኖታት ኣገዳሲ ተራ ይጻወቱ እዮም። ብዙሓት ሃይማኖትታት ወዲሰብ ንእንስሳታት ብጹቡቕ ክሕዞም ከምዘለዎ እዮም ዝሕብሩ። ኣብተን ጽሑፋት ኣይሁድ፣ ምስልምናን ክርስትናን ንኣብነት እዘን ዝስዕባ ጥቕስታት ይርከባ፣

„ኣንተደኣ መግቢ ክህቦ ዘይክእል ኮይኑ ዝኾነ ይኹን ሰብ እንስሳ፡እንስሳ ወይ ድማ ዑፍ ክገዝእ የብሉን።"
*(የሩሳለም ታልሙድ ,ያቫሞት 15:3)*

„እንስሳታት ደቆም እንተደኣ ጠፊኦዎም ከቢድ ሓዘን ይወርዶም። ኣብ መንጎ ስቓይ ወዲሰብን ካልእ ፍጡርን ፍልልይ የልቦን።"
*(ማይሞኒደስ፣ መራሒ ዘይወሰኑ ፣ 3:48)*

„ቅኑዕ ሰብ ንእንስሳኡ ይርህርሃሉ"
(*ምሳለ 12:10*)

„ንብዕራይ ዝሓረደ ሰብ ከም ዝቐተለ እዩ።"
(*ኢሳያስ 66:3*)

„ኣብ ልዕሊ እንስሳ ጽቡቕ ተግባር ዝፍጽም ዳርጋ ንወዲ ሰብ ጽቡቕ ዝገበረ እዩ። ብኣንጻሩ ኣብ ልዕሊ እንስሳ ጨካን ተግባር ዝፍጽም ልክዕ ኣብ ልዕሊ ወዲሰብ ከም ዝጨከነ እዩ።"
*(ምስሊምን ቡካሪ፣ ምስካት ኣል መሳቢሕ፤ መጽሓፍ 6፣ ምዕራፍ 7፣ 8:178)*

መሓመድ ኣጥቢቑ ከም ዝብሎ ድማ፡
„ኩሎም ፍጡራት ከም ሓደ ስድራቤት ናይ ኣላህ እዮም። እቲ ንስድርኡ ኣዝዩ ዝስምዖ እቲ ዝተፈትወ እዩ።"
*(ጸብጻብ ካብ ኣናስ። ምሽኻት ኣል ማሳቢሕ 3:1392)*

## እንስሳታት እንታይ ክኾኑና ይኽእሉ፧

- መጻውቲ
- ዓርኪ/ብጻይ
- መጸናንዒ
- ብጻይ ስፖርት
- ኣባል ስድራ ቤት
- ሓጋዚ ናብራ

## ብርግጽ ክኾኑ ዘይክእሉ ግን፣

- መጻወቲ
- መደቀሲ ኣሻንጉሊት
- ዝቐየር ኣቕሓ

# እንስሳታት ብዘይ ቃላት ይዛረቡ

„እነ ምእዙዝን ጥንቁቕን እየ“

„ክጻወት ደልየ ኣለኹ“

„ኮርየ እየ ዘለኹ፡ ግደፉኒ“

„ፈሪሀ ኣለኹ“

## *እንስሳታት ዕለታዊ ዝደልዩዎ፣*

- *ምግብን ጽሩይ ማይን*
- *ጽሩይ መዕቆቢ ምስ (ልስሉስ) መደቀሲ*
- *ክንክንን ክሓሙ ከለዉ ድማ ሓገዝ ሕክምና እንስሳ*
- *ምስቅስቓስን መዘናግዕን*
- *ፍቕርን ዘረባን*

በዚ ምኽንያት እንስሳ ክሕዝ ዝደሊ ሰብ ብዛዕባ ናይ'ቲ እንስሳ ዓይነት ግቡእ ዝኾነ ፍልጠት ክህልዎ ኣለዎ።
**እንስሳ ምሓዝ ማለት ሓላፍነት ምውሳድን ብኽብሪ ምሓዝን ማለት እዩ።**

ብዘይ ምኽንያት ኣይኮነን ኣብ ጀርመን ንኣተሓሕዛ እንሳታት ዝምልከታ ሓያሎ ናይ „ቀደም" ምሳሌታ ዝፍለጣ፣ ከም ንኣብነት፡

*„ካልኦት ኣብ ነብስኻ ክውሩድዎ ዘትደልዮ፣ ኣብ ልዕሊ ኻልእ እውን ኣይተውርድ።“ (ወርቃዊ መምርሒ)*

*„ንእንስሳ ከትሳገጽ ኢልካ ኣይተሳቑ፣ ምኽንያቱ ከማኻ ቃንዛ ይስምዖ እዩ።“ (ምሳሌ ጀርመን)*

**ተወሳኺ ሕቶታት ኣለኩም‘ዶ? በዚ ዝስዕብ ትረኽቡና:**

ሓላፊ ሃገራዊ ሓለዋ እንስሳታት
ወይዘሮ ዶክተር ሕክምና እንስሳ ማደሌን ማርቲን
ሚኒስትሪ ከባኢ፥ ሓለዋ ክሊማ
ሕርሻን ሓለዋ ተጠቀምትምን ሃገር ሄሰን
ጎደና ማይንሰር 80
65189 ቪስባደን

**ኢ-ሜይል**: tierschutz@umwelt.hessen.de
**መርበብ ሓበሬታ**: **www.tierschutz.hessen.de**

## *ካልኦት ክሳብ እዚ እዋን ዝወጹ ታሪኻት ቆልዑ፥*

*ታሪኽ ሓሰማታት*
ንቆልዑን ንስድራቤቶምን

*ታሪኽ ኣፍራስ*
ንቆልዑን ንስድራቤቶምን

*ታሪኽ ኣኽላብ*
ንቆልዑን ንስድራቤቶምን

*ታሪኽ እንስሳ ገዛ*
ንቆልዑን ንስድራቤቶምን